# <u>ክድዓት ሓደ ግዝየ ዝግበር ጊጋ እምበር ወልፊ ኣይኮነን።</u>

ሰነ 12 1997 “ ኣብረን እንቁም ተማሪም ኣይከፋፈል ብዝብል ር እሲ ብትግራይ ዲሞክራስያዊ ምትሕብባር ዝወጸ መግለጺ ድሕሪ ምንባብ ከምዚ ዝበለ ኣታሓሳስባን ተግባርን ካብ መን ይምንጨው ዓላምኡ ከ እንታይ ይኸውን? ኢለ ድሕሪ ምስ ባዕለይ ምክርካር መልሲ ዘድልዮን ህዝቢ ድማ ክፈልጦ ዝግባእ እዩ ኢለ ሰለዝ ኣመኻኹሉ እዚዝስ ዕብ መልሲ ክህበሉ ተገዲደ ኣለኹ።

ህዝቢ ትግራይ ከም ኢትዮጵያዊ መጠን ምስቶም ካልኦት ኢትዮጵያውያን ሓቢሩ ምቅላስን ምንባርን ከምዝደሊ ናይ ት.ዲ.ት. ምስክርነትን ምክርን ዘድልዮ ኣይመስለንን። ትማሊ ብህ.ወ.ሓ.ት. እንዳተመርሐ ንደርጊ ደምሲሱ ዘረጋገጾ ሓቂ እዩ። ነዚ ጽሑፍ ዝጸሓፈ ወልቀ ሰብ ክገብሮ ዝነበሮ ነገር እንተልዩ ነቶም ምስ ህዝቢታት ትግራይን ኦሮሞን ካልኦት ኡሳን ብዝረሰባትን ማዓረ ኣይነብርን ናተይ ዓብላልነት ዘይተረጋገጸ ኢትዮጵያ ትባሃል ሃገር ኣይትህሉን ኢሎም ንዝህወትቱ ዘለዉ የማናዊ ናይ ትምክሕቲን ጥፍኣትን ሓይልታት ምቅላዕን ምቅላስን ክኸውን እንዳተገበኦ ኣብልዕሊ ህዝቢ ትግራይን ደቁን ምዝማት ካብ ጸላኢ ምኻን ሓሊፉ ካልእ ክኸውን ኣይክእልን። እዚ ዘብለኒ ምክንያት ድማ፤ “ብሽም ተምሃራይ ኣብ ዩኒብርሲቲ ተሸጊጦም ዘለው ሰለልቲን ከፋፈልትን ብዘይምሕረት ክቃል ዑ ንጥይቅ” ይብል። እዚ ኣባህላ እዚ ደርግ/ኢሰፓ እዩ ዝጨው፤ ዘለናዮ መድረኽ ትምክሕተኛታት ኣይኮነን ዶ ንየየም ዘይተንበርከኽ ነቲ ኹበዲ እግሮም ዝልሕስ ዘሎ ጸሓፋይ እውን ተጠቒሞም ምስወድኡ ከምዝኣረገ ጫማ ክድርብይዎ ምኻኖም ንፈልጥ ኢና።

እቲ ኣጻሓሕፋ ንቶም ተማሃሮ ኣብ ሓደጋ ብዘወድቅ መገዲ እዩ ተጻሒፉ እንተወሓደ ኣብ ወሽጢ እቶም ተማሃሮ ናይ ዓሌት ምጥርጣር ንምትርኻስ ዝተፋሕሰ ድኽም ስልቲ ክኸውን እዩ። ወይ ድማ ንኽትእመን መጥዋእቲ ክትቅርብ ኣብዘግድድ ግጉይ “ቃልሲ” ተኣትዩ ኣሎ ማለት እዩ ክኸውን ዝክእል። ብቲ ካልእ ገጽ ነዚ ጽሑፍ እዚ ዝጸሓፈ ወልቀ ሰብ ወይ ናይ ዲሞክራሲ ሀሁ ዘይርዳእ እዩ ወይ ድማ ወልቃዊ ናይ ምሕሳብ ነጻነቱ ሸይጡ ንጎይታ ዝሓደረ ሓሽኽር እዩ። እዚ ዘብለኒ ዘሎ ምክንያት ድማ እቶም ብጸረ ዲሞክራሲን ዓፈናን ጭፍጨፉን ዝፍለጡ እኒ ጎሹ ወልደዮ፤ ሃይሉ ሻወል፤ ዶ/ር ሃይሉ ኣርኣያ መስፍን ወልደማርያምን ካልኦትን ካብ ሃጸይ ሃይለስላሲ ክሳዕ ደርጊ/ኢሰፓ ንዝገብርዎ ዘለዉ ሕንግርጢጥ ተግባር ሓንጊርካ ንህወሓት ብጸረ ዲሞክራሲ ብምኽሳሱ እ ንታይ ከምጽእ ከምዝደለየ ንባዕሉ ውን ብዘይካ ቂምን በቀልን ወይ ድማ ካልእ ዘይተፈጠ ጸገምን ዓላማን ክነብሮ ይከእል ክባሃል እንተዘይኮይኑ ናይ ሓቂ ጨፍ ኢለዎ ምባል ኣይከልን።

ናይ ህወሓት ዲሞክራሲያወነት ምስ እኒ በዓል ደርጊ ውን ዝነጻጸር ከምዝይኮነ እዚ ብሽም ት.ዲ.ት.
ዝጽሕፍ ዘሎ ወልቀ ሰብ ክርስዖ ይክውን እዮ ንምባል ኣጸጋሚ እዩ። እንተረሲዕዎ ድማ በዚዝስዕብ ነጥብታት ከዘክሮ ክፍትን እዩ። ህወሓት ንፋሽሽቲ ደርጊ ምስ ኣወደቀ ንኸለን ወድብት ኣብቲ መስጋገሪ መግስቲ ክካፈላ ዝዓደመ፤ ናይ ህዝቢ ጥቅሚ ብሓደ ወይ ብክልተ ወድብ ጥራሕ ሰለዘይሕሎን ዘይወክልን ወድባት ክፈጥሩን ክፍጠሩን መገዲ ዝከፈተን ዝፈቀደን፤ ነጻ ጋዚጣታት ብዘይ ሰንሱር ወይ ምርመራ ክሰርሓ መገዲ ዝከፈተን ዝፈቀደን፤ ናይ ደገፍ ይኹን ሰላማዊ ሰልፊታት ክግበሩ ብሕጊ ዝደንገገ፤ ወድብ እዩ። እዚ ኹሉ እንትገብር ኢዱ ጠወዩ እዚ ግበር ዝበሎ ሓይል ከምዘይነበረን ክነብር እውን ከምዘይክልን ኩሉ ዝፈልጦ ሓቂ እዩ። ኣድ ጠዊካ ዝመጽእ ዲሞክራሲ እንተዝነብር ዓለም ብሙሉኡ ተኣኪቡ ናይ ሻዕብያ ኣድ ምጠወየ ነይሩ።

እዚ ህዝቡ ኹዲዑ ዝሕሽክሮም ዘለዋ ወድባት ቅድሚ ኢህወዴግ ኣዲስ ኣበባ ምእታዉ ወሪኦም እውን ኣይፈልጦን ክፍጠርሉ ዝክእልሉ ዲሞክራሲያዊ ሀዋህው እውን ኣይነበረን። ሳላ ኢህወዴግ እዚ ዲሞክራስያዊ መድረክ ምስተፈጠረ ዝዓምበባ ይኩን እምበር ነቲ መድረክ ከምቲ ዝለመድዎ ድሑርን ጸረ ዲሞክራሲን ባህሎም ዝጽይቁ ዘለዉ ወድባት እዮም። እንተኮነ ነቲ ብወጋሕትኡ ዝተፈቀደለን ሕጊ ተጠቒመን ኣብ ክንዲ ነቲ መስርሕ ናይ ዲሞክራሲ ዘጠናኽራን ኣዎንታዊ ግደ ዝጻወታ፡ ቃልስንን ሕልመንን ኣብ ንህወሓት ምጥፋእ ዝዓለመ ምኻኑን ምንባሩን ተረጋጊጹ ኣሎ። ኣብዚ ደጊመ ክጸቅጠሉን ክፍለጥን ዝደልዮ ነጥቢ እንተሀልዩ ንህወሓት ካብ ወጋሕትኡ ከጥፍኡ ዝደልዩ እቲ ሕዚ ዝሕምዘቁዎ ዘለዉ መጥላት ዝሃቦም ፖለቲካዊ ሓይሊ ህወሓት ምኻኑ እዩ። እዞም ናይ ጥፍኣትን ትምክሕትን ሓይልታት ንህወሓት ንምጥፋእ ህርድግ ዝብሉ ዘለዉ ዲሞክራሲያወያን ስለዝኮኑ ከምዝይኮኑ ባዕሎም እውን ዝፈልጥዎ ሓቂ እዩ። እንታይ ደኣ ትግራዋይ ኣብ ቢተመግስቲ ምንለክ ስለዝኣተወ ጥራሕ እዩ።

እዚ ጸሓፋይ እዚ ትግራዋይ ኾይኑ ነዚ ሓቂ ክኸውን ይኽእል እዩ ኢሉ ኣሚኑ እንተጺሒፍዎ ዝገርምን ዓብይ ሽግርን ኣሎ ማለት እዩ ክኸውን። እቲ ሓቂ ግን እዚ ክኸውን ኣይክእልን። ቅድሚ ናብ ብዙሕ ሓተታ ምእታወይ ዲሞክራሲያዊ ምትሕብባር ትግራይ መን እዩ? እቲ ጸሓፋይ ኸ መን እዩ?

ዲሞክራሲያዊ ምትሕብባር ትግራይ ብ1995 ዓ/ም ፈረንጂ ብናይ ህወሓት ነበር ወሕዳት ተጋደልቲ ዘተፈጠረት ወድብ እያ፣ ብዕላማ ትምክሕትን ጸቢብነትን ክቃለስ አለ ኣፍሊጣ ከምዝነበረት ይፍለጥ። እዛ ወድብ ብዙሕ እንተይከደት ዳርጋ ካብ ኸባቢ ሰሜን ኣሜሪካን ኸባቢኡን ሸማ እንተይወጸ ብወሳንነቱ እቶም ዝበዝሐ መስረቲ ምስገደፍዎ ዝተበታተነት ወድብ እያ።

በሪሁ (ኣረጋዊ በርሀ) ሓደ ካብቶም መስረቲ ሓደ ኣባል ነይሩ; ዳርጋ ኹሎም እንትበታተኑ ኣረጋዊ በይኑ ወይ ክልተ ርእሱ ነታ ት.ዲ.ት. ትብል ሽም ኣንጠልጢሉ ኣለኹ ዝብል ዘሎ ብሽም ት.ዲ.ት. ዝጽሕፍ ዘሎ ኣረጋዊ በርሀ እዩ። ኣረጋዊ ንህወሓት እንታብ ዝገድፋ ብዛዕባ ህዝቢ ትግራይን ዲሞክራስን ክሕለቅ ናይ ሞራል ልዕልነትን ብቅዓትን ኣለዎ ዶ ዝብል ቅድሚ ምምላሰይ ናይ ኣረጋዊ መንነትን ፖለቲካዊ ታሪክን ምርኣይ ጠቃሚ እዩ አለ ኣሜ ኣለኹ።

<u>ኣረጋዊን ህወሓትን</u>

ኣረጋዊ ካብቶም ንህወሓት ዝመስረቱ ተጋደልቲ ሓደ ኾይኑ ኣብ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ርኡይ ተራ ዝተጻወተን መሉእ ዘይጉድል ናይ ህዝብን ተጋደልትን ክብሪ ዝነበሮን ተጋዳላይ ነይሩ። ኣብ ህወሓት ፖሊት ቢሮ ኣባልን ናይ ወታሃደራዊ ኮሚቴ ሓላፊን ኾይኑ ክሰርሕ ድሕሪ ምጽናሕ እቲ ወድብ እናዓበየ ጸላኢ ነቲ ቃልሲ ዝህቦ ጠመቱ እናወሰኸ ምስ ከደ ዝለዓለ ወታደራዊ ኣመራርሓ ኣብዘድልየሉ ደረጃ ምስተበጽሐ ጥራሕ እንተይኮነስ ወግእ ብሳይንሳዊ ወታሃደራዊ ጥበብ እንተዘይተመሪሑ ክቅጽል ኣብዘይክእለሉ እዋን ምስተበጽሐ ኣረጋዊ ንባዕሉ ወታደራዊ ሳይንስ ከጽንዕ ካሪከለም ኣዳልዩ ወታደራዊ ቤት ትምህርቲ ክኸፍት ሓላፍነት ተዋህቦ። ነዚ ክገብር ብዘይ ምክኣሉን ምስ ኣባላት ማእከላይ ኮሚቲ ብዝነበሮ ዘይምቅድዳው ኣብ ክንዲ ዲሞክራሲያዊ ፍታሕ ምግባር ብምምሕዳራዊ ስጉምቲ ክፈትሕ ብምፍታን (ምእሳር ወይ ምቅታል ክኸውን ይክእል እዩ) ኣብ ምውፋር ሓይልታት እውን እንተኮነ ብ ኣብዝሓ ዝተወሰነ ወሳነ ጥሒሱ ሓይልታት ናብ ወሎን ጎንደርን ብምውፋር ኣብ ሓራ መሬትን ህዝብን ትግራይ ዝተሓላለኸ ጸገም ብምግጣሙ ኣብ ማ/ኮ ብዲሞክራሲያዊ ባህሪኡን ብቅዓቱን ንጥርጥሮ አና ተባሂሉ ካብ ማ/ኮ ክወግድ ተገበረ። ቁሩብ ጸኒሑ ንሱዳን ሓፍተይ ስለዝመጸት ኽጥይቅ ፍቃድ ሓቲቱ ክኸይድ ምስተፈቀዶ ብዘለዎ ተሪፉ። ኣብ ሱዳን ምስ ኣትወ እቲ ክሻዕ ሕዚ ዘሎ ታሪኩ ብዘይነኣድ ኣገባብን ኣጋጣሚታትን ከጋላብጦን ከበላሸዎን ተራእዩ እዩ።

<u>ኣረጋዊን ኢዲሕን</u>

ኢ.ዲ.ሕ. (ኢትዮጵያ ዲሞክራስያዊ ሕብረት) መሳፍንቲ ኢትዮጵያን ሸፋቱን ዝሓቖፈ ወድብ ብምንባሩ ምስ ህወሓት ናብ ዝመረረ ዕጥቃዊ ምርጻም ተበጺሑ ነዚ ወግእ ድማ ኣብ ሞንጎ ህወሓትን ኢ.ዲ.ሕን ዝተገብረ ብወገን ህወሓት ኾይኑ ኣረጋዊ በርሀ እዩ ዝነበረ፣ ብቀጥታን ብላዕላዋይነትን ዝመርሐ ዳርጋ 70% ተማሃራይን ካብ ከተሚታት ዝመጹ ካበኡ ዝሕተት ልዑል መስዋእቲ ተከፊሉ ድማ ኢ.ዲ.ሕ. ንኣጋምሸቱ ተጸሪጋ ንሱዳን ከምትወጽእ ተገብረ። ከምዚ ኾይኑ ድሕሪ ኣስታት 8 ዓመታት ኣቢሉ ምካኑ እዩ ኣረጋዊ ካብ ህወሓት ኣብ ዝወጸሉ ነቶም ኣብ ናይ ሸፋቱን መሳፍንትን ምትሕንናቅ ዝተሰወኡ ብጾቱ ሕንክ እንተይበለ ረሲዑን ጠሊሙን ህዝቢ ትግራይ ኣብ ትሕቲ መሳፍንትን ሸፋቱን ዝሕለፎ ሸግርን ጸበባን ከምቁምነገር እንተይቆጸረ ነቲ በገዛ ባዕሉ ዝመስረቶ ወድብ ህወሓት ንምፍራስ ምስ ኢ.ዲ.ሕ. (ኢ.ፒ.ዲ.ኢ.) ላዕልን ታሕትን ክብል ተራእየ። እንተኮነ ግን ከምትዝደልዮ ምትሕብባር እንተይረከበ ተሪፉ ንአሜሪካ ገጹ ኣምረሐ።

<u>ኣረጋዊን ኢ.ህ.ኣ.ፓን</u>

ኣረጋዊ ንኣሜሪካ ንኽኣቱ ስፖንሰር ዝኮንዎ እቶም በብዓመቱ "ሆርን አፍ ኣፍሪካ" ዝብል ኣኪባ ዘዳለው ኣባላት ኢ.ህ.ኣ.ፓ ነይሮም። ናብዚ ኣኪባ እዚ ንክመጽእ ምስ ኣባላት ኢህኣፓ ብከመይ ከምዝተራከበ ዝፍለጥ ነገር እኻ እንተዘይሃለወ ብርግጽ ኣየር ትኪት ገዚኦም ሆትየል ተካርዮም ዘምጽእዎ ኢ.ህ.ኣ.ፓ ከምዝኮኑ ይፍለጥ። ኣብቲ ኣኪባ ዝተረከበ ናይ ቀርኒ ኣፍሪካ ናይ ፖለቲካ ጠቢብ ስለዝነበረ አይኮነን። ነቲ ኣብቲ እዋን እቲ ዝተረከበ ተጋዳላይ ህወሓት ብርሃነ ገብረክርስቶስ (ኣምባሳደር) ንክጻረፍን ንህወሓት ከካፍእን እዩ ነይሩ። ብስለትን ዕምቆትን ዘለዎ ፖለቲካዊ ገምጋም ቀርኒ ኣፍሪካ ይቅረሞ ናይ ደርጊ ኩነታት እውን ብኣገባብ ክገልጽ ኣይከኣለን። እቲ ጸርፊ ግን ኣጸቢቁ ከእልሉን ኣጸቢቁ ድማ ኣቅሪብዎ። ኣረጋዊ በርሀ ትማሊ ን.ኢ.ህ.ኣ.ፓ ናይ ትምክሕቲ ጸረ ህዝቢ ሓይሊ እዩ አሉ ከምቲ ንሰራዊት ህወሓት መሪሑ ንኢ.ዲ.ሕ. ዝመከተ ንኢ.ህ.ኣፓ ወን ብተመሳሳሊ ዝገበረ ሰብ እዩ ነይሩ። ይኩን እምበር ኣብ ህ.ወ.ሓ.ት መራሐን ፈጻሚ ሽማግለን ከምዝይነበረ ንህ.ወ.ሓ.ት ከም ንወድባት ናይ ምውቃዕ ወልፊ ዘለዋ ጩፍጫፊት ሓራዲት ንቃልሲ ህዝቢ ኢትዮጵያ ድማ ዕንቅፋት ከምዝኮነት ኣቅረበ። እቲ ዝገበሮ ናብ ዋሽንቶን

ቀዲምዎ ስለዝኣተወ ኣብቲ እዋን እቲ ሓደ ናይ ህ.ወ.ሓ.ት ተጋዳላይ ዝነበረ " ኣንታ በሪሁ እንታይ ደኣ ኮይንካ ኢ.ህ.ኣ.ፓ ንክጥቀመልካ ዕድል ትህብ." ኢሉ ምስሓተቶ ዳሓር እንደዩ ተረዲኦኒ ካልእስ ይትረፍ እታ ኣኪባ ምስተወደኣት ካብ ደጊም ርእስካ ከኣል ንሆትየል ኣይንከፍልን ኢሎሙኒ ክብል ማለሰ።

## ኣረጋዊ ደርግን

ኣረጋዊ ናብ ሱዳን ምስ ኣተው ምስቲ ትሜኢ ዝዋግኦ ዝነበረ ደርጊ/ኢሰፓ እውን ተራኪቡ ንወድቡን ህዝቡን ክወግእ ብርቱዕ ፈተነታት ክገብር ተራእዩን ተረጋጊጹን እዩ። ኣብቲ ምስ ደርጊ ዝገበሮ ዝርርብ ደርግ ዝደልዮ ሓበሪታ ሓጢጡ ምስ ወደኣ እንታይ ኢክ ክትገብር እትደሊ ዝብል ሕቶ ኣቅረብሉ እሞ ኣረጋዊ እንትምልስ ናይ ገንዘብን ዕጥቅን ሓገዝ ክግበረሉ ምስሓተተ ለኡኽ ደርጊ ብወገኑ ክንደይ ሰዓባይ ኣለካ ኢሉ ምስሓተቶ፡ ኣረጋዊ ብወገኑ ቁጽሪ ዋጋ የብሉን ንህ.ወ.ሓ.ት 7 ኮይና ኢና ጀሚርናዮ ይብል። ልኡኽ ደርጊ ብወገኑ ሽዑን ሕዝን ዘሎ ኩነታት ዝተፈላለየ እዩ ኢሉ ነቲ ግጉይ ሓሳብ ኣረጋዊ ነጸጎ። ካብዚ ሓሊፉ ግን ይብሎ ልኡኽ ደርጊ ንወልቅካ ክንተሓባበረካ ንክእል ኢና ተባሂሉ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ተጊይርሉ፤ ካብ ኣዲስ ኣበባ ዩኒብርስቲ ተሚሂቁ ዝብል ምስክር ወረቀት ተላኢክሉ ኣብ ኣወሮፓ ትምህርቱ ክቅጽል ከኢሉ እዩ። ነዚ ብንጹርን ኣገባብን ዝፈልጥ ኣባል ፓሊት ቢሮ ደርግ/ኢሰፓ ፍስሃ ደስታ ብሂወት ሰለዘሎ ሓቅነቱ ምርግጋጽ ይካኣል እዩ።

## ኣረጋዊን ሻዕብያን

ኣረጋዊ ሕዚ እውን ናብ ሱዳን ምስ ኣተወ ምስ ህ.ግ.ሓ.ኢ.(ሻዕብያ) ንክራከብ ግዝየ ኣይወደኣሉን። ብቀጥታ ምስ ኢሳያስ ብምርካብ ንህ.ወ.ሓ.ት. ከጥፍእ ዝርርብ ገይሩ ዝደለዮ ሓገዝ ክወሃቦ ቃል ተ ኣትይሉ ነይሩ፡ ናይ ገንዘብን ሓበሪታን ሓገዝ ውን ከምዝተለገሰሉ ይፍለጥ እዚ ይኩን እምበር እቲ ኣረጋዊ ዘለዓዓ ኩነታት ሓቀኛን ንፍትሕን ስለዘይነበረ ከይተሳከዐ ተሪፉ ካብ ሱዳን ተላዒሉ ናብ ኣሜሪካ ይኸይድ። ናይዚ ረክቢን ምትሕብባርን መቀጸልታ ኮይኑ ሻዕብያ ንትግራይ ወሪሩ ኣብ መቀለ ህጻናት ብነፈርቲ ተደብቢዲቦም ጾታን ዕድምን ከይፈለየ ድፍን ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ዝተቆጠዐሉ እዋን ኣረጋዊ ናይ ባዕሉ ፓለቲካዊ ዕጥራን የካይድ ነይሩ። እቶም ዝሞቱ ህጻናትን ክብሪ ሃገርን ንዕዑ እንታዩ ክኾውን ኣይካኣለን። ስለዝኮነ ድማ ኣብ ሲልበር ስፕሪንግ ሜሪላንድ ስታር ባክስ ኣብዝተባህለ እንዳቡን ኣረጋዊ ኣብ ሓደ ጣወላ ካለእ ትግራዋይ ድማ ንበይኑ ኣብ ካለእ ጣወላ ኮፍ ኢሎም ቡን እንዳሰተዩ እንተለዉ ንግርሚይ ኣስመሮም ኣምባሳደር ኤርትራን ካልኦት ተጋደልትን ናብቲ ካፌ ኣትዮም ምስ ኣረጋዊ ድሕሪ ምስዕዓም ስሩዕ ኣኬብኦም ምስጀመሩ እቲ ኣብ ጥቀኦም ዝነበረ ሓወና በቲ ዝረኣዮ ተግባር ተሰናቢዱ "ናብ ኣክሱም ሪስቶራንትን ናብ ኢትዮጵያ ኣምባሲን ደዊሉ ዳሕራይ ወረ እዩ ከይትብሉ ኣረጋዊ ምስ ሻዕብያ ኣኪባ ይገብር ኣሎ ንዑ መጺእኹም ብዓይንኹም ኢሉ ንኩሉ ዓደሞ።"

ነዚ ጉዳይ እዚ ብዝምልከት ኣረጋዊ ኣብ ባዕሉ ዝጸወዖ ኣኪባ ተሓቲቱ እንትምልስ ኣይከሓዶን እኻደኣስ እናቃለለ "እወ ገለ ወያነ ካድረታት እዮም ሪኦሙኒ ግርሚይ ናይ ቀደም ዓርከይ እዩ ምስ ዓርክካ ምርካብ ድማ ጊጋ ኣይኮነን በለ። እዙይስ ከም መልሲ ንቀበሎ ንኣብራሃ ያየህ ዓድናን ህዝብናን ብሻዕብያ ኣብ ዝበሳበሰሉ እዋን ካብ ሻዕብያ እንዶ ኣስመራ ኪደካ ገንዘብ ኣምጺኣልና ምባል እርክና ደዩ ወይስ ዓድካን ህዝብካን ናይ ምክሓድ ጉዳይ እዩ? ኣረጋዊ እቲ ምስ ደርጊ ንክራከብ ካብ ዝነበሮ ድሌት ተበጊሱ ንኣብራሃ ያየህ ናብ ደርጊ ንከኣቱ ዝተጻወቶ ደፋኣይ ግደ ዝነዓቅ ኣይነበረን። ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው ይመስለኒ ካብ ሻዕብያ ዝመጸእ ገንዘብ እንተሃልዩ ባ ዕልካ ኪደካ ኣምጽ ኣዮ ቀቅድሙ የጊሀኒ ኣሎ ኢሉ ነጺግዎ እዩ።

እዚ ኩሉ እንትጠቃለል ብዛዕባ ኣረጋዊ ሓደ መጠረታዊ ጸገም ይሕብር። ኣረጋዊ ንሕወሓት ምስ ገደፈ ፓለቲካዊ ሰብነቱ ከምዝተደምሰሰን ብወልቀ ቂምን ሕነ ምፍዳይን ተላዕጢጡ ባዕሉ ዝሰርሖ ገዛ ንምፍራስን ኣብ ልዕሊ መለሰ፤ ስብሓት፤ ስዮን ካልኦን ስጉምቲ ንምውሳድ ምስ ኩሉ ዓይነት ምድሕርሓር ምዕራኽ ከም ዝወሰነ እዩ ዝሕብር። እዝ ባህሪ ዝሓዘ ሰብ ካብ ባዕሉ ንላዕሊ መዕቀኒ ስለዘየብሉ ንዓድናን ህዝብናን ኣብ ሓደጋ ዘሳጥሕ ጠጠው ኣብል ክባህል ኣለዎ። ቅድሚ ንመለስን ስብሓትን ብብቅዓን ጽንዓትን ዘይትመጣጠኖም ጀጋኑ ክትወቅዕ ምሕሳብ ንህዝቢ ትግራይ ነጻ ከወጽእ እየ ምባልካ ንቀደም ንባዕልካ ነጻ ወጻእ። ከም ሰብኣይ ሰሪሕካ ገዛ ተካሪካ ካብ ዓቀይታዊ ናብራን ልመናን ወጻእ። ንገንዘብ ክትብል ዓድን ህዝብን ምሻጥን ኣሕሊፍካ ምሀብን ጠጠው ኣብል። እቲ ቀዳማይ ፍልጠት ንባዕልካ ምፍላጥ ስለዝኮነ ምስቶም ንደርጊ ስዒሮም ዓዲ ኣብ ምሕናጽ ዝርከቡ ተጋሩ ንክትመጣጠን ይኩን ብዖኦም ንክትዛረብ ናይ ሞራል ብቅዓትን ልዕልነትን የብልካን። ብሽም ህዝቢ ትግራይ ክዛረብ እየ ኢልካ ምሕሳብ እሞ ዕብዳን ውን ወንጀል ውን እዩ።

እዚ ዘበለኒ ምኽንያት ድማ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ጥራሕ ኹብዱ ክብሩን መንነቱን ዝሕሉ ብሓደ ኢዱ ብጥምየት ዝሞቱ ደቁ እናቀበረ ብሓደ ኢዱ እናተዋገኣ ንፋሽሽታዊ ስርዓት ደርጊ ሮማዕማዕ ዘበለ ህዝቢ ብናትካ ንኽብዱ ዝሓደረ ኣፍን ኣንደበትን ክለዓል ኣይግበኦን። ህዝቢ ትግራይ ፈታዊኡን ጸላኢኡን ዝፈልጥ ንፈታዊኡ ዘክብር ንጸላኢኡ ድማ ይቕረ ዝብል በዓል ባህልን ታሪኽን እዩ። ከም ኣረጋዊ ንልዕሊ 20 ዓመት ዝጠጀኦ ቂም ንክጸመቕ ካብ ደርጊ ናብ ሻዕብያ ካብ ሻዕብያ ናብ ቅንጅት ዝላካዕ ህዝቢ ኣይኮነን። ብስሩ እውን ኣረጋዊ ካብዚ ህዝቢ እዚ እዩ ተፈጢሩ ክባሃል ኣጸጋሚ ኮይኑ ኣሎ።

ቅድሚ 20 ዓመት ኣረጋዊ ካብ ማ/ኮ እንትውገድ ብብቕዓ ዲሞክራሲያዊ ባህሪኡን ንጥርጥሮ ኢና ከም ዝተባህለ ዝዝከር እዩ፣ ኣይተጋገዩን ነይሮም። መብዛሕተኡ ትግራዋይ ጀግንነቱ እምበር እዚ ባህሪ እዚ ኣይፈልጥን ነይሩ ንምእማን እውን ዘጸገሞም ብዙሓት ነይሮም። ድሕሪ 20 ዓመት እዚ ገምጋም እዚ ሓቅነቱ ተረጋጊጹ ኣሎ። እቶም ኣረጋዊ ዝሕሽከሮም ዘሎ ወድባትን መጋግስትን (ሻዕብያ) ዋላ ሓደ ወን ዲሞክራስያዊ ባህሪይ ዘለዎ የለን፣ ምስ ባህሪኡ ስለ ዝሰማምዑ ንጥፍኣት ህዝቢ ትግራይ ካርኦም እንትስሕሉን ብስወኣት ትግራይ ዝተረከበ ዓወትን ዲሞክራሲያዊ ማስርሕ እንትዘርጉን ኣብ ጎኖም ጠጠው ኢሉ። ናይ ባዕሉ ምምራት ከይኣክል ብሽም ሀለዋት ዘየብሉ ወድብ ንቲ ፈታዊ ዓዱን ሰላምን ዝኮነ ትግራዋይ ክሰብክ ይፍትን ኣሎ።

ንብቕዓቱ ዝተዋህበ ገምጋም እውን ዝወጾ የብሉን፣ እንድሕር ዳኣ ሰብ ብዕድመ እናበሰለ ብትምህርቲ ድማ እናወሰከ እንትከይድ ኣተሓሳስብኡ ዘይዓቢ እንተኮይኑ ወይ ናይ ዕብየት ሕጊ ኣብ ኣረጋዊ ኣይሰርሕን ወይ ድማ ሕክምና ዘድልዮ ሰብ ኮይኑ ኣሎ።

ኣብ መወዳታ ንኣረጋዊ ዝሕብሮ ነጥቢ ኣሎ፣ ብቀዳምነት ምስላም ሓንሳብ ዝግበር ጊይጋ እምበር ወልፊ ኣይኮነን። ካብ ህ.ወ.ሓ.ት. ወጺእካ ምስቶም ባህሪያዊ ጸላእቲ ህዝቢ ትግራይ ዝኮኑ ናይ ቀደም ደርጊ ናይ ሎሚ ቅንጅት ምዕራኽን ንዲሞክራሲ ምውጋእን ረብሓ ህዝብናን ዓድናን ዝጻረር ስለዝኮነ ጠጠው ተብል። ካልኣይ እዚ ዝበሀሎ ዘለኹ መጸለምታ እዩ ኣይወዓልኩዎን ከምቲ ኩልሻብ ብሓሳብ ካባካ ንዝተፈለየ እትብሎ ናይ ወያነ ካድረታትን ሰለልትን እዮም ዘጸልሙኺ ዘለዉ ዝብል እምነት እንተሀልዩካ ሜልሲ ክትህበሉ እዕድመካ። ኣነ ንኩን እቲ ብኣካ ልቡ ተኪኡ ዘሎ ትግራዋይ ምስ መሉእ ሚዳእታና ክንመትተካ ቅሩባት ኢና። ሳልሳይ ኣብ ሓደ መድረኽ ጀግና ስለዝተባሃልካ እንትትጽይቅን ብረብሓን መንነትን ህዝቢ ትግራይ እንትትመጽእ ወግዘት እምበር ጻማ ዝሓስበልካ ኣይትረክብን። ንመራሕትናን ዝህብናን ምክባር ተማሃር፣ ዝእረም እንተሃልዩካ ከምቲ ኹሉ ትግራዋይ ዝገብሮ ንገንዘብን ቂምን ዘይኮነ ብስነ ስርዓት ትእርም። ብጀካ ህ.ወ.ሓ.ት. ጀጋኑ ከምዝይነበርዎ እናተዓበካ ፈራሓት ትብል፣ ካብ ኣንደበት ሓደ ብድመ ዝደፍኣ ዘረባታትን መጸለምታን ክትነዝሕ ተደጋጊሙ ይስማዕ፣ ጀግንነት ሕጁም ምእታው ጥራሕ ኣይኮነን። ኣስተወዓልነትን ናይ ሓንጎል ብቕዓትን ድማ ናይ ኩሉ ጀግንነት ፍልፍልን መቓጸርን ጥበብ እዩ። ምኽንያቱም ብፍልጠት ዝተይመርሐ ኪሳራ ስለዝንክን ንዓወት ስለዘረጋግጽን እዩ። ስለዝኮነ ድማ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ እስካ ዘየብሉ ንግዙፍ ሓይሊ ደርጊ ኣፍሪሱ። እዚ ሓቂ ንምግንዛብ እውን እንተዳኣኮይኑ ሓንጎል ይጥይቅ እዩ። ሕሰበሉ። ንዓ ካ ምቕላስ መጀመርትኡ መወዳእትኡ ከምዝይኮነ ድማ ከፍልጠኻ ይደሊ።

ካብ ቀለበት ሰበሮም።